# .1.

## ምስጋና

ሰላም ኩልኹም ኣካየድቲ ኣካላት፣ ኣባላት ማሕበር ደቂ ኣኹስምን ከባቢኣን፣ ተሓባበርቲ ማሕበርናን ኩልኹም ተጋሩ፣ ኢትዮጵያውያንን ካልኦት ዜጋታት ተሓባበርቲ ማሕበርና።

እንታፍን ኣብ ሂወተይ ዘይርስዐን መዓልትታት እንተሃለዋ ብፈረንጂ ኣቆፃፅራ ዕለት 5 ሓምለ 2008 ዓም ኣብ ሲያትል ዝተዳለወ መበል ካልኣይ ስሩዕ ዓመታዊ በዓል ማሕበር ኣኹሱምን ከባቢኣን በዓል ሓቢረ ምሳኻትኩም ዘኸበርኩለንን ዘሕለፍኩወንን ዕለታት እየን። በሓፂር ኣገላልፃ ምድላውን ትሕዝቶ በዓል ብውልቀይ ኣራኣእያ ሚኢትዊ ምሊኢት ዘሓዘን ፣ ዘሐጉስ፤ ዝናኣድን፤ ዋላ ሓንቲ ጐደሎ ኣይነበሮን፤ ኮይኑ ድማ ብፅቡቕ ተዛዚሙ። ክብርን ምስጋናን ይብፃሕኩም ንኹልኹም መዳለውቲ። ኩሉ ዝነበረ ትሕዝቶን ኣከባብራን ምግናን ዘይኮነስ ብሓቂ ኣነ ኩሉ ክገልፆ እንተደለይኩ እውን ፍሉይ ግዘን ቦታን ክህቦ ኣሎኒ። ብዝበለፀ እቶም መዳለውቲ የቕርብዎ፤ ዘቕረብዎ ድማ ይመስለኒ።

ቆንጢረ ብዝዋሓደ ቃላት ንምጥቃስ ዘኣክል፤ እቲ ዝተዳለወሉ ኣዳራሽ ክንድዙይ ርብዒት ሜትሮ ኢለ ክግምቶ ዘይክእል ፤ብኻሊእ ኣገላልፃ ኣናእሽተይ ቆልዑት ጐዮም ዘይውድእዎ ኣፀቢቑ ዓቢዩ ኣዳራሽ እዩ ነይሩ። ናይ ብልዕን መስተ በዝሕን ዓይነተን እዙይ ኢልካ ክግመት ዘይካኣል መሉእ ዘይጐደሎ እዩ ነይሩ። እቲ ወጋሕ ትበል ለይቲ ብወናማት ደረፍትን ተፃወትን ንኺኢላ ተላሃይትታት ሳዕሳዕትን እቲ ዝነበረ ፅቡቕ ደርፍታት ክሓልፍዎ ስለዘይካኣሉ መንኮቦም ክሳብ ዝተኣዘዘሎም ብዘይ ምቁራፅ እዮም ሳዕሲኦም(ተላህዮም)። ንፅባሒቱ ዘይቀረየ ኣፍቲ ንመዛናግዒ ዝተዳለወ ናይ መርከብ ጉዕዞ ክም ድሩኡ ብምሉእ ዘይጎደሎ ብልዕን ፣መስተን፣ ደርፍታትን፣ፃውትን ዝተዓጀበ እዩ ነይሩ። ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን ኣብ መርከብ ኮንካ እታ ስይትል ተፈጥሮ ዘዓደላ ከተማ እቲ ባሕሪ ሪኢኻ ዘይውዳእ እቲ ኣቀማምጣን ፅባቐ ኸተማ ድማ ኣብኡ ኮይንካ ሪኢኻ ዘይፅገብ እዩ። እዚ ቀፃላይ ፕሮግራም መዳለውቲ ኮነ ኢሎም ነጋይሽ ከሐጉሱ ዘዳልዎ ፕሮግራም እዩ ነይሩ። እምበር ንሳቶምስ ኣብኡ ግልስ ኢሎም ኣብ ዘተን ስራሕን እዮም ነይሮም።

ኣባላትን ኣጋይሽን ጥራሕ እታም ስያትል ዘኮኑስ እታብ ኩሉ ኩርናዕ ኣሜሪካን ካለኦት ክፍሊ ዓለምን እዮም መፂኦም፤ ነኣብነት ኣነ እታብ ኤውሮፖ። ኩላትና እዚ ኹሉ ራሕቒ ክንጓዓዝ እንተሎና ንሓደ ድልየትን ዓላማን እዩ። ንሱ ድማ ነዚ ብውሕዳት ዝተመስርተ ሎሚ ብኣብዝሓ ዝፅበልን ፣ዝእጀብ ዘሎ ቁዱስ ዓላማ ንምጉልባት፣ ንምጥንኻርን ፣ ኢልካ ድማ ሽትኡ ንምውቃቕ እዩ። ሕዚ እውን እንተኾነ ፤ እዚ ቁዱስ ሓሳብን፣ ዓላማን መስረትን ኣብዚ ደረጃ ዘብፅሕዎ ክብርን ምስጋናን ይብፃሓዮም፤ እታብ ሎሚ ንቐፃልነት ኣብ ግቡኡ ንምብፃሕ ናይ ኩላትና ግዴታን ሓላፍነትን ክኸውን እዩ።

ቃንዛ ቁስሊ እቲ ካሊእ እኳ እንተተረደኣሉ እታ መሪር ቃንዛ ግዳ እቲ በዓል ቁስሊ እዩ ብዝበለፀ ዝፈልጣ፤ ብኻሊእ ኣዛራርባ ፤ መሉእን ጐደሎን ናይ ሓደ ገዛ በዓል ገዛ ደኣ እዩ ብዝበለፀ ዝፈልጦ እምበር ካሊእ እንታብኡ ንላዕሊ ክፈልጦ ኣይኽእልን። እዚ ክብል ዝኻኣልኩ ናፍቲ ቐንዲ (ዋና) ነጥበይ ተመሊሰ መብርሂ ክበሉ እደሊ።

ከተማ ኣኽሱም ከምቲ ኣብዩ ሽሙ ዘይኮነ ቅድም ክብል ብመሰርተ ልምዓት ብፍላይ ድማ ብመሰረተ ትምህርቲ ብንፁር ንምጥቃስ ክሳብ ሎሚ ብዕሊ ብትምህርቲ ሚኒስተር ካልኣይ ብርኪ ተባሂሉ ዘይተሰርሐሉ ከተማ እዩ። ክሳብ 1962 ኢትዮጵያ ኣቆፃፅራ (ብፈረንጂ 1970 ዓም) ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣይነበሮን። ንመረዳእታ ዘኣክል እቲ ሽኡ ሻምናይ ክፍሊ ዝወዳእና ኣብ ካሊእ ካልኣይ ብርኪ ዝነበረን ከተማታት ትግራይ ናብ ዓድዋ ፣ዓዲግራት፣ መቐለን ካልኦት ከተማታት ኢትዮጵያ ተጓዒዝካ ምምሃር እዩ ነይሩ። ካሊእ መማረፂ ኣይነበረን። እዙይ ንፁጉማት ተማሃሮ ክንደየናይ ከቢድ ክምዝነበረ ንኹላትና ብሩህ እዩ። ሳዕቤኑ ንፉዓት እዳሃሎዉ ክሳብ ትምህርቲ ምቁራፅን ወይ ድማ ላዕለዋይ ትምህርቲ (ዩንቨርስቲ) ክማሃሩ እንዳኻኣሉ ኣቋሪፆምን፤ ተገዲዶም ኣብስራሕ ዓለም ይዋፈሩ ነይሮም። እዚ ኹሉ ዘምፃእኹዎ እቲ ሽኡ ዝነበረ ኩነታት ንምሕባር ዘኣክል እዩ።

እዚ ሎሚ ዝኒህ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሽዑ እቲ ቀዳማይ ብርኪ ኣፀቢቑ ስለዝፀበበ ንሻምናይን ንሻውዓይን መወስኽታ ተባሂሉ ዝተሰርሐ እዩ ነይሩ። ብኡ ኣቢሉ ናይ ነዊሕ ዕማም ንኻልኣይ ብርኪ ምንባሩ እዙይ ክብል ኣይክልን ። ብተግባር ግዳ ክሳብ ሎሚ ኣይተራእየን። ንሕና ሻምናይ ኣብኡ ወዲእና ናብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝረኸብናሉ ኸተማታት ትግራይን ኢትዮጵያን ኢና ተጓዒዝና ተማሂርና። ብድሕሪኡ ናይ ካልኣይ ብርኪ ትሕዝቶ ዘይማልአ ናይ ጨንቂ ይኹን ተባሂሉ ካልኣይ ብርኪ ተባህሉ ተሰየመ። ትሕዝቶን ፅርየት ናውቲን ብቕዓት መምሃራን ኻልኣይ ብርኪ ቤት

ትምህርቲ ሎሚእውን እንተኾነ ፀገም ከምዘሎ እንታፍቲ ኩነታት ብቐሊሉ ምርዳእ ይካኣል። እቲ ዝኒሀ ተወሳኺ መምህሪ ክፍልታት እንተኾነ ብወለዲ ተሓባበርነትን ገበርቲ

.2.

ሰናያት ውልቀሰባትን ጉጅለን ተወልድቲ ኣኽሱምን ከባቢኣን ዝተሰርሐ እዩ። ብመሰርቱ ሎሚ እንተዘይተጋግየ ሚኒስተር ቤት ትምርቲ ኢትዮጵያ ከም ቀደም ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርትታት ኣየስርሕን፤ ኣፍቲ ኢዋን ዘስረሐሉ ዝነበረ ንምታይ ኣብ ኣኽሱም ከምዘይተሰርሐ ግዳ ክሳብ ሎሚ ግልፂ ኣይኮነን። ሎሚ ከምቲ ዝረአ ዘሎ በብዘብኡን ክልልን በባዕሉ ዘስርሕ ዘሎ ይመስል። ነዚ እዩም እቲ ፀገምን ኩነታት ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቶም ብምርዳእን ብምፅናዕን ነቲ ፀገም ንምቅላልን ንምቕራፍን እዚ ቁዱስ ዓላማ ጀሚሮሞ። እቲ ዝረአይዎ ፀገምን ድሕረትን ቤት ትምህርቲ ከፃወርዎን ሪኦም ክሓልፎ ስለዘይደለዩ ብልባዊ ተበግሶን ፅኑቕ መንፈስ ኣብዚ ብርኪ ከብፅሕዎ ኪኢሎም። ብቐፃልነት ኣብ ግብኡ ምብፃሕን ፍርያቱን ምዕባለን ኣብ ግብሪ ምትግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነትን ግዴታን ክኸውን እዩ። እዙይ ድማ ፅኑዕ ሕብረት፣ ተገዳስነት፣ ፈቓዳኝነት እንተልዩ ከቢድ ኣይኮነን።

እንኳን ዶ ሎሚ እቲ በዝሒ ሰብ፣ ፍልጠት፣ ቁጠባዊ፣ ናውቲ መሳርሕን ምዕቡል ቴክኖሎጂ ዘለዎ ትውልዲ፤ ቅድም ክብል እኳ ሽግር ቤት ትምህርቲ ብምርዳእ ብውልቀ ሰባት ተበግሶ ብዙሕ ተሰሪሑ እዩ። ንምጥቃስ ዘኣክል ነኣብነት ክሳብ ሎሚ ዘይርሰዐኒ ንእሽተይ ቆልዓ እንዳሃለኹ፤ ገና ኣብ ቀዳማይ ብርኪ እንዳሃለኹ ፀገምን ዋሕዲ መምሃሪ ክፍልታት ቀዳማይ ብርኪ ኣብርሕ ወኣፅብሃ ብምርዳእ ብውልቀ ተበግሶ ነብሶም ይምሓሮም ኣይተ ኒቀዲሞስ ተስፋይ እንታም ዓለም ዝተፈለዩ፤ ዓርብዕተ መምህሪ ክፍልታት ብውልቆም ኣስሪሖም ኣሪኪቦም እዮም። ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን ብድሕሪኡ ካሊእ ልምዓታዊ ስራሕቲ ንኸተማ ኣኽሱም ዝገበርዎ ውሑድ ኣይኮነን። ካልኦት ብድሕሪኡ ናቶም ኣሰር ተኸቲሎም ብውልቅን ብጉጅለን ብቐፃልት ብዙሕ ክፍልታት ወሲኸሙሉ እዮም። ሎሚ ንብዙሓት ተማሃሮን ፈተውቲ ንባብን ፅመኣት ፍልጠትን ዝህብ ዘሎ ግልጋሎት ህዝባዊ ቤት ንባብ ኣኽሱም ብዶ/ር ፀሃየ ተፈራ ተበግሶን ተሓባበርቶምን ዝቐመ ቤት ንባብ እዩ። ብውልቃዊ እኳ ዝኹሉ እንዳተገብረ ብሕብረት ድማ ብዙሕ ምስራሕ ዝቐለለ እዩ።

ሕብረት ጥንካረ እዩ። ብሕብረት እንኳንዶ እዛ ዝተጀመረት ፕሮጀክት ንምውዳእ ካሊእ እውን ብቐፃልነት ብዙሕነቲ ኸተማዘድልዮ መሰረታዊ ልምዓታት ምስ ምምሕድዳር ኸተማኈኒ ኮይንካ ምስራሕ ይካኣል እዩ። ታሪኽና ከምዘርደኣናን ዘርእየናን ናይ ቀደም ምዕባለና ምስቲ ካሊእ ዓለም ተዋዳደርን ቅድም ኢሉ ምዕቡል ምንባሩ እቲ ሓድጊ ታሪኽ የርእየና ኣሎ። ኮይኑ ድማ ሎሚ ከም ሽንቲ ግመል ንድሕሪት ተመሊስና ዳርጋ ምዕባለ ኣልቦ ኮይና ኢና ፀኒሕና። ሎሚ እንታብ ዳርጋ ባዶ ተላዒልና ንወትሩ ነሪኦ ምዕባለ እንታብ ሎሚ ብፅንዓት ዝተደረኸ እንተኾኑ ናፍቲ ኣብ ካሊእ ዓለም ዝሪአ ዘሎ ምዕባለታት መሉእ ብመሉእ እንተዘይተበፅሐ ብመጠኑ ኣብጥቑኡ ምብፃሕ ይካኣል እዩ።

ነዚ ኹሉ ንምግባር ድማ ብቐዳምነት ፍልጠት የድሊ። ትምህርቲ ድማ መሰረት ፍልጠት እዩ። ነዙይ እዩ ነዚ ዓውዲ ፍልጠት ዝኾነ ቤት ትምህርቲ ዓቢዪ ቦታ ክዋሃቦ ዝግባእ። ሎሚ ኣብ ኣኽሱም ብዙሕ መሰረተ ልምዓት ጅማሮታት እኒሀዉ እዮም። ነኣብነት ዩንቨርቲ፣ ሪፈራንስ ሆስፒታል ይስርሑ ኣሎዉ እዮም፤ እቲ ዩንቨርስቲ እኳ ብቐፃልነት እንዳተሰርሐ የሃሉ እምበር ስርሑ እንታብዝጅምር ፀኒሑ እዩ። ግዳስ እታፍቲ ድኽመት ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዘኣክል እንታብ ኣኽሱም ናብ ዩንቨርስቲ ዝኣተዉ ግዳ እንታብ ቁፅሪ ኢድ ኣፃብዕትና ዘይበዝሑ እዮም። ናብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንምእታው ድልዱል ብዓነትን ብፅርየትን ቀዳምነት ዘለዎ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ወሳናይ እዩ። ንሱ ዘየለ እንተኾኑ እቲ ተደላዪ ነጥቢ ንምምፃእ ቀሊል ኣይኮነን፤ ናፍቲ ተኸፊቱ ዝኒሀ ሃዋሁውን፣ ዕድላት ዩንቨርታት ትግራይን ኢትዮጵያን ከምኡ ድማ ኤም ኣይ ቲ ( መቐለ ቴክኖሎጂ ኢንስቲቱት) ንምእታው እውን እቲ ዕድል ኣይክርከብን። ምዕባለ ንምምፃእ ንዑኡ ዘምፅኡ መሰረታዊ ቀረባት ብቐዳምነት ክርከቡ ኣለዎም። እንታብኦም ብቐዳምነት ዓንዲ ሕቘ ፍልጠት እዩ። ዓውዲ ፍልጠት ድማ ቤት ትምህርቲ ከም ምኳኑ ብቐዳምነት ኣቢዪ ቦታን ባጀትን ክዋሃቦ ኣሎዎ። ክሳብ ሎሚ ድማ ኣብ ኣፍርቃን ኣብ ዓድናን ዝረአ ዘሎ ዋሕዲ ፍልጠትን ምዕባለን ነዙይ እዩ። ናይ ሓደ ዓዲ ህዝቢ ፍልጠት ምዕባለን መዐቀኒ ድማ ውሑዳት ስለዝፈለጡን ኣይኮነን ፤ እቲ ሕብረተሰብ እቲ ዓዲ ሓቢሩ እንተተማሂሩን እንተማዕቢሉን ጥራሕ እዩ። መራሕቲ ኣፍሪቃ ቅድም ኢሎም እዙይ ተረዲኦም ኣክንዲ ስድሮኦም ጥራሕ ወፃኢ ብብዙሕ ወፃኢ ምምሃር ነቲ ዓውደ ፍልጠት ዓቢዪ ቦታ ሂቦም እቲ ሓፋሽ ሕብረተተሰብ ዓዶም እንተዝፈልጥ ነይሩ እቲ ተደላዪ ምዕባለ ብቐሊሉ ንተረኽበን፣ ንተራእየን ነይሩ።

ብቐሊል ኣዘራርባ ነኣብነት ሓደ ተገዳሲ ኢንቨስተር ነዛ ዓዲ ወይ ኸተማዘሎኒ ሃፍቲ ኣፍሲሰ ብዙሕ ቁጠባዊ ተዓዲ ከማሓሽን ብዙሕ ናይ ስራሕ ዕድል ክኸፍት እየ ኢሉ እንተተላዒሉ እቲ መሰረታዊ

ልምዓት ባይታ ተነፂፍሉ እንተይዘፀኒሑ፤ ነኣብነት መንገዲ ንናውቲ ንትካሉ ዘቕርበሉ ፤ኣፍርዩ ድማ ፍርያቱ ንዕዳጋ ዘቕርበሉ ፣ንደቂ ሰራሕተኛኡ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ቤት ጥዕና (ሆስፒታል)፣ ቀረብ ማይ፣ መብራህቲ ዘኣምስሉ ወዘተ……… በኣውሩ ድማ ነቲ ትካል ዘካይዱ ኪኢላታትን ፈላጣትን እንተዘየልዮም ፤ ንሱ ገዲፉ ኣብ ካሊእ እዚ መስፈርቲ ዘማልኣ ከተማታትን ዓድን ከይዱ እዩ ትካሉ ዝጅምርን ዘካይድን። መሰረተ ልምዓት ንሓደ ኸተማ ነኣብነት ንኣኽሱም ውልቀ ሰባት ጉጅለ፣ ወይ ድማ ገበርቲሰንያት ዝቕይርዎ እንተዘይኮኑ እውን ብጊደኦም ኣቢዪ ተራ ከፃወቱ

.3.

ይኽእሉ እዮም። ከተማ ኣኽሱም ዝምልከት ብመሰረቱ ዓብይን ፍሉይ ጠመተ ክግበሮን ክዋቦን ኣሎዎ። ተወሳኺ ድጐማን ባጀትን እውን ክግበረሉ ኣሎዎ። ስለምታይ ታርኽ ኢትዮጵያን መበቆልን ምዕባለ ኢትዮጵያ መንስኢ ስለዝኾነ ። ብዙሓት ዑደኛታት ክመፅኡ እንተደልዩ ንዖዖምን ንነባራይ ሕብረተ ሰብ ሰሓባይ ዝኾነ ትሕዝቶ መሰረታዊ ልምዓት ኸተማ ኣኽሱም ክማላእ ኣሎዎ። ነኽሱም ጥራይ ዘኮነስ ኣብ ካሊእ ዓለም እውን ናይ ከተማ ኣኽሱም ተማሳሰሊ ኩንታት ዘለዎን ፍሉይ ጠመተን ብዙሕ ድጐማን ዓብዪ መሰረታዊ ልምዓት እዩ ዝግበረለን፤ እሞ ሓዱሽ ኣይኮነን። እቶም ዘይታዮም እኳ ብዙሕ ወፃኢ እንዳውፅኡ ኳዕቲ እንዳካየዱ እቲ ተቐቢሩ ዝነበረ ሓድጊ እንዳውፅኡ የርእዩና ኣሎዉ።

ናፍቲ ቀንዲ ነጥበይ ብምምላስ እንኳንዶ ሕብረተሰብና ዝቕይርን ምዕባለታት ኸተማ ዘምፅእን ልውጢ ብሕብረት ንምምፅእ፤ ፕረዚደት በረክ ኦባማ እኳ ብውልቆም ልውጢ እንትብል ጭርሖኦም ከምሕልሚ እትረአ ዝነበረት ብኸቢድ ፃዕሮምን፣ ምስ ተናሕናሕቶኦም ዓብዪ ቃልስን፣ ብዙሕ ናይ ሰልዲ ወፃኢ ገይሮም እቲ ንኻኦት ሕልሚ መሲሉ ዝረአዮም ዝነበረ ሎሚ ጋህዲ ገይሮሞ። እግረ መንገደይ ንዖዖም ዝመረፅኩም ወይ ድማ ንሶም ክስዕሩ ብሃረርታ እትፅበዩ ዝነበርኩም እንኳዕ ደስ በሎኩም። ኣነ ብውልቀይ ናቶም ምስዓር ብሃረርታ እፅበዮ ስለዝነበርኩ መረፃ ምስዓሮም ብዙሕ ተሓጉሰ ኣሎኹ። እሞ ንሕና እውን ብሕብረት እዚ ተጀሚሩ ዝነሀ ፕሮጀክት ኣብ ሓፂር ግዘ ጋህዲ ዘይንገብሮ ምኽንያት የለን።

ዝኸበርኩም ደቂ ኣኽሱምን ከባቢኣን እቶም መዳለውትን እዚ ቁዱስ ሓሳብ ዘምፁኡ ክሳብ ሎሚ ደኺመና ዘይበሉ ዓብዪ በዓል ኣዳልዮም እንዳዓደሙኹም ፤ በዓልትኹም ኢኹም ደሊኹም ክትተሓባበርዎምን ክተሐግዝዎምን ዝግባእ። እቲ ተጀሚሩ ዝነሀ ፕሮጀክት ድማ ኣብ ቀረባ ፍፃሜኡ ንምርኣይ ኩላትና ክንራባረበሉ ኣሎና። ይቕርታ ሽሙ ዘንጊዐዮ ሓደ ናይ ጥበባዊ ደራፋይ ተጋዳላይ ከምቲ ኣብ ግዘ መሪር ቃልሲ በቲ ዝምዝገብ ዝነበረ ዓወታት ተሓቢኑ ንወትሩ ድማ ብድሕሪ ቃልሲ ናይ ዝረአዮ ዝነበረ መፃእያት ስርሕቲ ልምዓታት ተራእዮዎ (ዓብ ዓድና ታርክ ክንሰርሕ ኢና ገና )ኢሉ ደረፈ። ንሕና ድማ እንኳን ዶ ዝፕሮጀክት እዙይ ምፍፃም ብቐፃልነት ብሕብረት ብዙሕ ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ኣኽሱም ሎሚ እውን ከም ቀደም መፍረዪ ጥበበኛታት፣ ኪኢላታትን ሊቃውንቲ ንኽትከውን ባይታ የድልያ እዩ። ናይ ሎሚ ትውልዲ እውን ናይቲ ሕልፍ ትውልዲ ኣሰር ተኸቲሉ ዝበለፀ ኣብ ዓውዲ ምዕባለ፣ ሐዱሽ ጥበብን ፈጠራን ዓብዪ ግደን ተራን ዘይፃወተሉ መንገዲ የለን።

ኣነ ምልክታ ኣይገብርን ዘሎኹ። ብሓቂ ዕድል ዘሎኩም ሰባት ኣብ ቀፃላይ ግዘ ሓቢርኩም ኣፍቲ በዓል ተረኺብኩም ምኽባር ፈትኑ። ጥራሕ ንኸተማና ፕሮጀክት ኣይኮነን። ንውልቁኹም እውን ሓጐስ ከበኩም እዩ። ኣሎዶ የለን እንዳበልከ ኣብ ሕልምኻ ዘይነበረ ናይ ቀደም መማህርትኻን ዓርከኻን ወዲ ዓድኻን ከምኡ ድማ ቀደም ቆልዑት ኮይኖም ንፈልጦም ድንገት መፂኦም ሰላም ክብሉኻ ሓቢርካ ክትፃወትን፣ ክተውግዕን (ክትዐልልን ) ኣበይ ከ ይርከብ ደስ ክብል። እሞ ንቐፃላይ ከየሓልፈኩም ተዳሎዉ። ግዘን ኩነታት አንተፈቒዱለይ ዓመተ ንዓመት ይዕቖረና ኣነ እውን ኣብ ሓሳብ አእትዎ እኸውን ።

---

ተወሳኺ ዓብዪ ምስጋና ንፍሉይ መስተንግዶኹም

ኩልኹም እንታም ጨዓናዱግ ጀሚርኩም ፣እዝጊ ሓፀራ፣ ዳዕሮዒላ፣ እንዳርባእተ እንስሳ፣ እንዳራእሲን ወዘተ………ኩሉኹም ግዘኹም ሰዊእኹም ኣብ ልንኮልን ፓርክ ዝገበርኩምለይ ፍሉይ መስተንግዶ ፈፂመ ኣይርሰዖን የቕንየለይ። ብፍላይ ስድራ ቀረጌታ ወልደገሪማ ሉኡል ምስ ኣሕዋትካን ባዓልቲ ቤትካ ታወቱ፣ ብርሃነ በላይ ምስ ባዓልቲ ገዛኻ ኣስቴር፣ በለጠሽ ፍስሃ፣ ሓጐስ ተፈራ ……ወዘተ ። ዘርዚርካ ኣይውዳእን ብሓፈሻኡ ንኹሉኹም ኣብኡ ሓቢርኩም ዝዋዓልኩም ሰላምታይን ምስጋናይን ይብፃሕኩም። የቕንየለይ ሕብረትኩም ይፅናዕ ። ሰላምን፣ ጥዕናን፣ ሓጐስን ነዓኻትኩም ይኹን ።

ዶ/ር ተኸስተ ዮሴፍ